


# ናብ ቤት-ትምህርትን ናብ ናይ ድሕሪ ትምህርቲ ማእከልን ብደሓን ምጹ

# ክቡራት ወለዲ/ስድራቤት

ናብ ______ ________________________ቤት-ትምህርትና እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም።

ውላድኩም ንምስትእንጋድን ኣብ መንጎናን መንጎኹም ውላድን ውን ጽቡቕ ናይ ምትሕብባር ሃዋህው ንምፍጣር ብሃንቀውታ ንጸበ ኣለና።

ኣብዚ ብሮሸር፡ ኣብ ሃገረ ዴንማርክ፡ ውላድኩም ኣብ መዳለዊ-ክፍሊ ንሓደስትን ኣብቲ ናይ ድሕሪ ትምህርቲ ማእከል ክንክንን ክሳተፍ ምልኣኽ እንታይ ይመስል ዝብል ኣገዳሲ ሓበሬታ ኣለኩም።

ኣብዚ ብሮሸር፡ ብዜካ ካልእ ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብዚ ብሮሸር ናይ ቤት-ትምህርቲ ኣገዳሲ መራኸቢ ሓበሬታን፡ ንኣመሃህራ ዝምልከት ሓበሬታን፡ መዓልታዊ ንጥፈታት ናይቲ ናይ ድሕሪ ትምህርቲ ማእከል ክንክን እንታይ ይመስልን፡ ካልእ ኣድላዪ ዝኾነ ሓበሬታን ካልእን ኣለኩም።

ኣብ ዳሕረዋይ ክፋል ናይዚ ብሮሸር ሓረጋት ዝሓዘ መጽሓፍ ኣለኩም። እዚ መጽሓፍ`ዚ፡ ምስ መምህራን ወይ ውን ምስ ክኢላታት ስነ-ምምህርና ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ናይቲ ቤት-ትምህርቲ ክትዘራረቡ እንከለኹም ክሕግዘኩም እዩ።



**መወከሲ ሓበሬታ/ኣድራሻ**

| | |
|---|---|
| ምዱብ ክፍሊ | ተሓታቲ ሰብ ኣብቲ ናይ ድሕሪ ትምህርቲ ማእከል |
| ቍጽሪ ስልኪ ቤት-ትምህርቲ | ሰራሕተኛ ምውህሃድ ምስ ዝህልወኩም |
| ቁጽሪ ስልኪ መምህር | |



# ስለምንታይ እዮም ገለ ቆልዑ ኣብቲ ናይ መቐበሊ-ክፍሊ ዝምደቡ?

እቶም ቋንቋ ዴንማርክ ዘይክእሉ ናብ ምምሕዳር ከተማ ኣኣርሁስ ሓደስቲ መጻእቲ ዝኾኑ ህጻናት፡ ትምህርቲ ክጅምሩ እንከለዉ ኣብ መቐበሊ-ክፍሊ እዮም ዝምደቡ። ኣብ መቐበሊ-ክፍሊ ምምዳቦም ከኣ፡ ብቑልጡፍ ቋንቋ ዴንማርክ ንኽመሃሩ ካብ ዝብል እዩ።
ኣብ መቐበሊ-ክፍሊ፡ እቶም ህጻናት ቋንቋ ዴንማርክ፡ ካልእ ዓይነታት ትምህርትን ከምኡ ውን ብዛዕባ ባህልን ያታን ዴንማርክን ይመሃሩ። ብኸምዚ ከኣ፡ እቶም ህጻናት ናብ ስሩዕ ክፍሊ ትምህርቲ ንምጽንባር ዘኽእሎም ፍልጠት ይድልቡ። ውላድኩም ክሳብ ናብ ስሩዕ ክፍሊ ክጽንበር ዘኽእሎ ቋንቋኣዊ ፍልጠት ዘዋህልል፡ ኣብ መቐበሊ-ክፍሊ ይጸንሕ። ውላድኩም ነቲ ናይ መቐብሊ-ክፍሊ ግዜ ድሕሪ ምዝዛሙ ከኣ፡ ኣብ ከባቢኹም ኣብ ዝርከብ ስሩዕ ቤት-ትምህርቲ ክምዝንጽበር ይግበር።

# ውላድኩም ቋንቋ ዴንማርክ ንኽመሃር ሓግዝዎ

ኣብ ገዛ ምስ ውላድኩም እንዳተዘራረብኩም ፡ ቋንቋ ዴንማርክ ንኽመሃሩ ክትሕግዝዎ ም ትኽእሉ ኢኹም።

ንኣብነት ከምዚ ዝስዕብ ክትገብሩ ትኽእሉ፡

ውላድኩም ብቋንቋ ዴንማርክ ዓው ኢሉ ከ ምዘንብብ ብምግባር፡ ንስኹም ከኣ ብቋንቋኹም እንዳተርጎምኩም ክተረድእዎ ምፍታን።

ውላድኩም መዓልታዊ እንታይ ጌርካ ኢልኩም ብምሕታት ከተዘራርብዎ ምፍታን።

ካብ መጽሓፍ ውላድም ዝኾነ ስእሊ ወስዲኩም፡ እዚኣ ብቋንቋ ዴንማርክ እንታይ ትበሃል ኢልኩም ምሕታት።



**ክዳንን ካልእ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዘድልዩ ነገራትን ብዝምልከት**



ናይ ስፖርት ጨማን ክዳውንትን



ክዳውንቲ ሓጋይ (በረድ)



ሽጎማኖ



ናይ ስፖርት ቦርሳ



ናይ ትምህርቲ ቦርሳ



መትሓዚ ርሳስ



መቐጸሪ ምሳሕ ጥርሙዝ መስተዪ ማይን





ካባ ዝናብን ናይ ጎማ ጫማን

ትምህርቲ ክጅመር እንከሎ፡ ውላድኩም ሒዝዎም ክመጽእ ዝግብኦ ሒደት ነገራት ኣለዉ።

ክዳውንቲ ናይ ውላድኩም ከይጠፍእ ምእንቲ፡ ስም ውላድኩም ክትጽሕፉሉ ጽቡቕ እዩ።
ኣብቲ ኣትሌቲክስ ዘለዎ መዓልቲ፡ ውላድኩም ናይ ኣትሌቲክስ ክዳውንቱ ሒዙ ክመጽእ ምእንቲ፡ ኣየናይ መዓልቲ ከምዚ ዓይነት ንጥፈት ኣለዎ ኣብቲ ውጥን ናይ ትምህርቱ ክትርእይዎ ትኽእሉ ኢኹም።
ብዜካዚ፡ ኩነታት ኣየር ናይ ዴንማርክ ተቐያያሪ ክኸውን ይኽእል እዩ። ነዚ መሰረት ብምግባር ከኣ፡ ንውላድኩም ምስ ኩነታት ኣየር ዝሰማማዕ ክዳን ክደንዎ።

**ምፍላጡ ኣገዳሲ ዝኾነ ነገራት**

ኣብ ድኳናት ሓራጅ ዘገልግለ ክዳውንቲ ብምግዛእ፡ ወጽኢትኩም ከተትሕቱ ትኽእሉ ኢኹም።



ዓሳ



ኣሕምልቲ



ባኒ

# መግቢ



እንቋቑሖ



ፍሩታ

ውላድኩም ናብ ቤት-ትምህርቲ ክመጽእ እንከሎ፡ ጥዑይ መግቢ ሒዙ ክመጽእ ኣለዎ። እቲ ህጻን ከይጠሚ ምእንቲ ኸኣ፡ እቲ ሒዝዎ ዝመጽእ መግቢ ንምሉእ መዓልቲ ዘጽንሖ ክኸውን ኣለዎ።

ኣብነት ናይ ብሉጽን፡ ሕውስዋስን ምሳሕ ንኣብነት፡

- ባኒ
- ኣሕምልቲ
- ዝሑል መግቢ
- ዓሳ
- ፍሩታ

# መጎዓዝያ




ካብ 0 ክሳዕ 4ይ ክፍሊ ዘለዉ ተማሃሮ ታክሲ ክግበረሎም እዩ።



ካብ 5ይ ክሳዕ 10ይ ክፍሊ ዘለዉ ተማሃሮ ናይ ኣውቶቡስ መሕለፊ ክወሃቦም እዩ።

እትነብሩሉ ኣድራሻ ካብቲ ውላድኩም ዝተመደብሉ ናይ
መቐበሊ-ክፍሊ ቤት-ትምህርቲ ኣዝዩ ርሑቕ ምስ ዝኸውን፡
ውላድኩም ካብ ትምህርቲ ናብ ገዛ ዝመላለሰሉ ናይ መጎዓዝያ
ኣገልግሎት ይዋደደሉ።

# ክንክን ጥዕና ኣብ ቤት-ትምህርቲ



ሓደ ህጻን ኣብ ትምህርቲ ምስታፍ ክጅምር እንከሎ፡ ናይ ምርኣይን ናይ ምስማዕን ምርመራ ይግበረሉን፡ ክብደቱን ንውሓቱን ውን ይዕቀን እዩ። ውጽኢት ናይዚ ኹላ፡ ብሓደ ኣብቲ ትምህርቲ ብጽሖት ዘካይድ ሰራሕተኛ ክፍሊ-ጥዕና ይስነድ።

# ናይ ድሕሪ ትምህርቲ ማእከል ክንክን (SFO) እንታይ እዩ?

ድሕሪ ስሩዕ ትምህርቲ፡ ውላድኩም ኣብቲ ብናይ ድሕሪ ትምህርቲ ማእከል (SFO (skolefritidsordning) ክሳተፍ ይኽእል እዩ። እዚ ማእከል ወለንታዊ ማእከል ክንክን ኮይኑ፡ ነቶም ወለዶም ዝሰርሑ ህጻናት ዘገልግል መጽንሒ ማእከል እዩ።

ኣብዚ ናይ ድሕሪ ትምህርቲ ማእከል፡ ውላድኩም ምስ ካልኦት ህጻናት ክጻወትን ኣብ ዑደት ክሳተፍን ይኽእል። ብኸምዚ ከኣ፡ እቶም ህጻናት ምሕዝነት የጥርዩን ቋንቋ ዴንማርክ ውን ብግብሪ ይላመዱን። ሰራሕተኛታት ናይዚ ማእከል፡ እቶም ህጻናት ጽቡቕ ናይ መዝንጋዕ ግዜ ከሕልፉ ከምዘለዎም ይገብሩ። እዞም ሰራሕተኛት ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ይሰርዑን ኣድላይ ኣብ ዝኾነሉ ውን ይተሓጋገዙ።








# ንውላድኩም ኣመዝግብዎ

ውላድኩም ኣብዚ ናይ ድሕሪ ትምህርቲ ማእከል ክሳተፍ ምስ እትደልዩ፡ ክፍሊት ክትከፍሉ ኣለኩም። እቲ መጠን ካብ ዓቕምኹም ንላዕሊ ምስ ዝኸውን፡ ቁጠባዊ-ድጎማ ክግበረልኩም ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ውላድኩም ኣብዚ ዝስዕብ ናይ ተመሃሮ ገጽ ብምእታው ኢኹም ተመዝግብዎ።
መርበብ-ሓበሬታ: [www.aarhus.dk/pladsanvisning](www.aarhus.dk/pladsanvisning)

ብቐረባ ዝተመደበልኩም ናይ ምውህሃድ ሕብረተ-ሰብ ሰራሕተኛ ምስ ዝህልወኩም፡ ውላድኩም ኣብዚ ማእከል ንኽሳተፍ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። እቶም ናይ ሰለስተ ዓመት መደብ መትከሊ-እግሪ ዘውንኑ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ ዘለዎም ሓደስቲ ስድራ-ቤታት፡ ናብ ክፉት ማእከል ምኽሪ (Åben Rådgivning) ብምኻድ ሓገዝ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

**ምፍላጡ ኣገዳሲ ዝኾነ ነገራት**
ክፉት ማእከል ምኽሪ (Åben Rådgivning)
DOKK 1, ታሕተዋይ ደርቢ
Hack Kampmanns ቁጽሪ 2
8000 ኣኣርሁስ C

ክፍቲ ሰዓታት ስራሕ፡ ሓሙስ ካብ ሰዓታት 1፡00 ክሳብ 2፡30 ከምኡ ውን ካብ 3፡00 ክሳብ 5፡00 ድሕሪ ቐትሪ።

# ንእሽቶይ መጽሓፍ ሓረጋት

- ውላደይ ሎሚ ኣብቲ ናይ ድሕሪ ትምህርቲ ማእከል ኣይሳተፍን እዩ።
- ውላደይ ሎሚ ኣገልግሎት ታክሲ ኣየድልዮን እዩ።
- ውላደይ ጽባሕ ኣገልግሎት ታክሲ ኣየድልዮን እዩ።
- ውላደይ ድሕሪ-ቐትሪ ኣገልግሎት ታክሲ ኣየድልዮን እዩ።
- ውላደይ ኣብ ሰዓታ ነታ ኣውቶቡስ ከርክባ ምሓገዝካኒ`ዶ?
- ውላደይ ኣብ ሰዓታ ነታ ታክሲ ከርክባ ምሓገዝካኒ`ዶ?
- ብዛዕባ ውላደይ ምሳኻ ክዘራረብ ምደለኹ።
- ውላደይ ኣበይ ክረኽቦ ይኽእል?
- ውላደይ ናብ ሓኪም-ስኒ ክኸይድ ኣለዎ።
- ውላደይ ናብ ሓኪም ክኸይድ ኣለዎ።
- ንውላደይ ሎሚ__________________ እዩ መጺኡ ክወስዶ።
- ንኹሉ ናይ ሎሚ ነገር የቐንየልና።
- ጽባሕ የራእየና።
- ብሩኽ መዓልቲ።

- Mit barn kommer ikke i SFO i dag.
- Mit barn skal ikke med taxi i dag.
- Mit barn skal ikke med taxi i morgen.
- Mit barn skal ikke med taxi i eftermiddag.
- Vil du hjælpe mit barn med at komme med bus til tiden?
- Vil du hjælpe mit barn med at komme med taxa til tiden?
- Jeg vil gerne tale med dig om mit barn.
- Hvor kan jeg finde mit barn?
- Mit barn skal til tandlæge.
- Mit barn skal til læge.
- Mit barn bliver hentet af ________________ i dag.
- Tak for i dag.
- Vi ses i morgen.
- Hav en god dag.

**Udgivet af:** Børn og Unge, Aarhus Kommune 2018